# ቋንቋ ሽወደንኛ ንስደኛታት(ኤስኤፊ) ክትመሃር ዲኻ? ትመሃር እንተ ኾይንካ ነዚኣ ከተንብበ ኣለካ።

## ነቶም ምሉእ መዓልቲ ዝመሃሩ ዝምልከት ምቅይያራት ደንብታት

ምሉእ መዓልቲ ትምህርቲ ክበሃል እንተ ኾይኑ ካብ ዕለት 5 ነሓሰ 2019 ጀሚሩ ኣብ ሰሙን 25 ሰዓታት ኣስተምህሮ ክወሃብ'ዩ። እዚ ማለት ነቶም ኤስኤፉ ኣብ ሰሙን 15 ሰዓታት ትመሃሩ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣባጽሕ ብምኻድ መተኣታተዊ ዓውድታት(ኮርስ) ወይ ድማ ዓውዲ እንግሊዝኛ ን/ወይ ሒሳብን ብምውሳድ ተወሳኺ 10 ሰዓታት ከተማልእ ሉኣለኩም።

### መተኣታተዊ ዓውድታት ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣባጽሕ

- ኮምፒተራዊ ብቕዓት (ብዙሓት ደረጃታት)
- ናይ ስራሕ ህይወትን ዕዳጋ ዕዮ ኣብ ሽወደን (ብዙሓት ደረጃታት)
- መባእታዊ እንግልዝኛ፤ ሒሳብ፤ ኮምኒኬሽንን ማሕበራዊ ሓበሬታን
- ስነ ህይወታውያን ዓውድታትን ኣጸናንዓ ቴክኒክን
- መቐጸልታ ስነ ህይወታውያን ዓውድታት
- ማሕበራውያን ዓውድታትን ኣጸናን ዓቴክኒን
- መቐጸልታ ማሕበራውያን ዓውድታት

15 ሰዓታት
+10 ሰዓታት
= 25 ሰዓታት

### ብኸመይ እዩ ኽፍጸም

ቤት ትምህርቲ ኣባጽሕ እቲ መተኣታተዊ ዓውድታት(ኮርሳት) እንተ ተወስደ ይሓይሽ ይብል። ወይ ድማ እንግሊዝኛን/ወይ ሒሳብን ተመልከቱ። ድሕሪኡ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ኣብ መንጎ 09.00 - 16.00 ዘሎ ግዜ ኤስኤፊን ካብ'ዞም መማልኢ ዓውድታትን ትመሃሩ(ምቅይያር ሰዓዓታ ከጋጥም ይኽእል'ዩ) ።

### ኣገዳሲ!

ብዝተፈላለይ ምኽንያታት ካብዞም መተኣታተዊ ዓውድታት ክትመሃር እንተ ዘይደሊኻ፤ ኣብ'ቲ መተዓናቐጺ ቅጥዒ(ፎርም) መሊእካን ፈሪምካን ንቤት ትምህርትኻ ሃብ። ኣይትረስዕ ግን፤ ዝወሃበካ ክፍሊት ክጽሎ ይኽእል'ዩ።

ካብዞም መተኣታተዊ ዓውድታት ጀሚርካ እንተ ኣቋሪጽካዮ፤ ብቤት ጽሕፈት ዕዮን ብእንዳ ሶሻልን ዝወሃቡኻ ክፍሊታት ክጎድሉ ተኽእሎታት ኣሎ።

መዋእለ ሕጻናት ዝኸዱ ቈለውዕ እንተ ኣለውኻ፤ እቶም ቈለውዕ ኣብ መዋእለ ሕጻናት ዝጸንሕሉ ሰዓታት ክውሰኸሎ ምምልካት ኣገዳሲ'ዩ። ነቶም ቤት ትምህርቲ ዝኸዱ ቈልዑ ዘለውኹም ድማ፤ ምናልባት ድሕሪ ትምህርቲ ዝወሃብ መዘናግዒ ንጥፈታት(ፍሪቲድ) ከተመልከቱ ከድልየኩም ይኽእል'ዩ።

### ተወሳኺ ሓበሬታ

ሕቶ እንተለኩም ኣብ ቦርሌንገ ኮሙን ዘሎ ማእከል-ኣገልግሎ ብምምጻእ ይኹን ብኻልእ መንገዲ ተወከሱና።
0243-740 00, kommun@borlange.se, Röda vägen 50.

**ቤት ትምህርቲ ኣባጽሕ**

BORLÄNGE